Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# ዘቤታዊ ዓመጽ እንታይ እዩ?

ዘቤታዊ ዓመጽ ኣብቲ ስድራ ወይ ዕርክነት ዝህሉ ዓመጽ እዩ። ኣካልውን ስምዒታውን ይጎድእ። ዘቤታዊ ዓመጽ ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣለዎ። ዘቤታዊ ዓመጽ ኣብ ስዊዘርላንድ ክልኩል እዩ።

## ዘቤታዊ ዓመጽ እንታይ እዩ?

ዘቤታዊ ዓመጽ ኣብቲ ቤተሰብ ወይ ዕርክነት ዝህሉ ዓመጽ እዩ፦ ኣብ መንጎ ምርዕዋት ሰባት ወይ ብሓንሳብ ዘለው ወይ ዝነበሩ ሰባት። ብሓንሳብ ዝነብሩ እንተኾይኖም ዘገድስ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ወለድን ቆልዑን ወይ ኣብ መንጎ የሕዋትን/ኣሓትን ድማ ዘቤታዊ ዓመጽ እዩ።
ዘቤታዊ ዓመጽ ናብ ሕማም ኣእምሮን ዝተፈላለየ ኣእምሮኣዉን ኣካላዉን ሕማማት ከኸትል ይኽእል እዩ። ከምኡ'ዉን ዘቤታዊ ዓመጽ ጥዕናን ዕቤትን ቆልዑ ኣብ ሓደጋ ከውድቅ ይኽእል።

## መን ይጉዳእ?

ዝኾነ ሰብ ብዘቤታዊ ዓመጽ ክጉዳእ ይኽእል፡ መንእሰይን ዓበይቲ ሰባትን፣ ናይ ስዊዝ ፓስፖርት ዘለዎምን ዘይብሎምን ሰባት፣ ሃብታማትን ድኻታትን ስድራታት። ብዙሓት ሰባት ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ ቤተሰቦም ወይ የዕሩኽቶም ዓመጽ ይሳቐዩ። ግዳያት ሓገዝ ክረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።

## ዝተፈላለዩ ዓይነታት

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዘቤታዊ ዓመጽ ኣለው – ኣካላዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ጾታዉን ቁጠባዉን ዓመጽ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓመጽ ይፍጸሙ።
ንኣብነት፣ ቀጻሊ ጸርፊ፣ ምኽልካል ርክብ፣ ማእሰርቲ፣ ምድፋእ፣ ምቁጽጻር፣ ሓደ ሰብ ጾታዊ ርክብ ክገብር ምግዳድ፣ ገንዘብ ምውሳድ፣ ሓደ ሰብ ቋንቋ ንክምሃር ምኽልካልን ቆልዑ ዕሽሽ ምባልን። ምፍርራህ ድማ ዘቤታዊ ዓመጽ እዩ።

## ዘቤታዊ ዓመጽ ክልኩል እዩ

ዘቤታዊ ዓመጽ ክልኩል እዩ። ከኽሰስ ይኽእል እዩ። እንተድኣ እቲ ፖሊስ ዘቤታዊ ዓመጽ ፈሊጡ፣ እቲ ዓመጽ ዘጋጠሞ ሰብ ዋላ'ኳ እንተዘይደለየ ክምርምርዎ ኣለዎም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/haeusliche-gewalt/was-ist-haeusliche-gewalt